ኣገዳሲ ሓበሬታ ንኹሎም ነበርቲ ንኡስ-ዞባ ሊንሸፒንግ

# ውግእ ወይ ቅልውላው ምስ ዚጋጥም




እዛ ብሮሹር ኣብ ቀውዒ 2024 ተሓቲማ።

ንኡስ-ዞባ ሊንሸፒንግ
linkoping.se/krisberedskap

# ሰላም!

## እዛ ብሮሹር እዚ’ኣ ነቲ ብ MSB ዝተዳለወ ብሮሹር "ውግእ ወይ ቅልውላው ምስ ዘጋጥም" ዝብል ከም መመላእታ ኮይና ተገልግል። ናብ ኩለን ስድራቤታት ንኡስ-ዞባ ሊንሸፒንግ ድማ ትዝርጋሕ።

በዓል-መዚ ድሕነት ሕብረተሰብን ምድላዋትን MSB፣ ሕብረተሰብ ካብ ሓደጋታት፡ ቅልውላዋትን ኩነታት ኩናትን ንኽከላኸልን ንኽኣልን ዓቕሙ ንኸሐይል ይሰርሕ። እዚ ናይ MSB ብሮሹር ምስ ዘይህልወካ ካብ’ቲ መካነ-መርበብ msb.se ከተውርዶ ትኽእል።

ኣብ ንኡስ-ዞባ ሊንሾፒንግ እትነብሩ ኩሉኹም፡ ሓደ ከቢድ ማሕበራዊ ቅልውላው ወይ ካብኡ ዝኸፍአ ኩናት ምስ ዘጋጥም ብኸመይ ብዝበለጸ ተዳሊኹም ከም ትምክትዎ በዚ ናይ’ዚ ከባቢ ብሮሹር ገይርና ምኽርታት ክንህበኩም ንደሊ። እዚ ቅድሚ ቅልውላው ምግጥጣሙ ምድላዋት፡ ኣብ እዋን ቅልውላው ነቲ ህይወት ከምዘይከብድ ይገብሮ።

**ንስኻ ባዕልኻ ሓደ ኣካላ ናይ’ቲ ናይ ንኡስ-ዞባ ሊንሸፒንግ ምድላዋት ኢኻ።**

ነዛ ብሮሹር ክትረኽባ ኣብ ትኽእለሉ ቦታ ኣቐምጣ። እንተ ተኻኢሉ ኣብ’ዛ ብሮሹር ዘሎ ትሕዝቶ ምስ ካልኦት ቀሪብ ናትካ ተዛተየሉ።




ጅግና ብምኳን ተዓወተሉ ደኣ! ንቕልውላው ተዳሎ!

# ክሳብ ክንደይ ኢኻ ድልዉ **ንስኻ** ሓደ ነገር ምስ ዘጋጥም?

**ሊንሾፒንግ ሓንቲ ዘመናዊት ከተማ ኮይና መብዛሕትና እቲ ንሳ ትህቦ ምቾታት ከም ንቡር ገይርና ኢና ንወስዶ። ከም'ዚ ኢልካ ሕሰብ፡ ኤሌክትሪክ ከይዳ የላን፣ ማይ ቡንቧ ኣቋሪጹ። ኣብ ውሻጠ ገዛ ድማ ቁሪ ኣሎ። ኣብ ተላጃን ፍሪዘርን ዘሎ መግቢ ይበላሾ፣ ኣብ እንዳ ዱኳ ብካርድ ገይርካ ምዕዳግ ኣይከኣልን። እዚ ኸማን እቲ እንዳ ዱኳን እንተ ተኸፊቱ እዩ! ተሌፎን ክትድውል ኣብ ትፍትነሉ ሲግናል የለን። ኢንተርነት ካብ ዘይሰርሕ ብዙሕ መዓልትታት ሓሊፉ ኣሎ።**

**ብዘይ ጸዓት ኤሌክትሪክ፡ ማይን መግብን ንሓደ ሰሙን ምንባርይ ቀሊል ኣይኮነን። ኣቐዲምና ተዳሊና እንተ ጸኒሕና ግን መብዛሕትና ነታ ሰሙን ክኢልና ክንሓልፋ ንኽእል።**

ድልውነት ቅልውላው ሸወደን፡ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ሓባራዊ ሓላፍነት ድሕነት ናይ ሃገር፡ ድሕነት ናይ ገዛእ ርእስን ድሕነት ቤተሰብን ኣብ ዝብል ዝተመርኮሰ እዩ። ናይ ገዛእ ርእሲ ወይ ባዕላዊ ድሕነት ክበሃል ከሎ ብውሕዱ ንሓደ ሰሙን ወይ ካብኡ ንላዕሊ ባዕልኻ ንኽትክእል ትዳሎ ማለት እዩ። እቲ ሕብረተሰብ ናብ'ቲ ንቡር ኩነታት ክሳብ ዝምለስ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ። ስለ'ዚ ናይ ባዕልኻን ናይ ቀረብካን ሓላፍነት ውሰድ!

እቲ ንኡስ-ዞባ ክህቦ ዝኽእል ሓገዝ ነቶም ነብሶም ንምኽኣል ዘጸገሞም ሰባት ይወሃብ፣ ንኣብነት ሕሙማንን ሸማግለታትን። ስለ'ዚ እቲ ንስኻ ተበርክቶ ጸዕርታት ኣዝዩ ኣገዳሲ ይኸውን!



# ናይ ቅልውላው ሳጹን ኣዳሉ

**ኣይትፍራሕ – ኣብ ክንዳኡ ተዳሎ ደኣ**
ካብ ሎሚ መዓልቲ ጀምሮ!

## መብዛሕታኡ ሰብ ኣብ ገዝኡ ናይ ቅልውላው መኽዘን ከዳሉ ይኽእል እዩ። ብሓፈሻኡ ስድራቤትካ ኣብ ሓደ ሰሙን ክንደይ ዝኣክል መግቢ የህልኽ?

ኩሉ ግዜ ብውሕዱ ንሓደ ሰሙን ዝኣክል መግቢ ኣብ ተላጃን ፍሪዘርን መኽዘን ይሃልኻ። ኩሉ እቲ ኣብ እዋን ቅልውላው ዘድልየካ ኣብ ናይ ቅልውላው ሳጹን ግድን ክህሉ ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። ብፕላስቲክ ዝተሰርሐ ብራሾታት(ፔት ቦትል) ሰለስተ ርብዒቶም ማይ መሊእካ ንመዝሓሊ ወይ ንኽስተ ኣብ ፍሪዘር ኣቐምጦ። ጸዓት-ኤሌክትሪክ ምስ ዘይህሉ መግቢ ክትጠብስ ትኽእል’ዶ? ከም ፈሓም ወይ ተመሳሳሊ ኣብ ገዛ ይህልኻ።

### ኣብ ውሽጢ ናይ ቅልውላው ሳጹን ምሓዞም ጠቐምቲ ነገራት

- [ ] ነዊሕ እዋን ክጸንሑ ዝኽእሉ መግብታትን ዕሹጋት መግብታትን
- [ ] መትሓዚ ማይ ጀሪካ ወይ ተመሳሳሊ፡ ብፕላስቲክ ዝተሰርሐ ብራሾታት(ፔት ቦትል)
- [ ] ንወርሒ ዝኣኽል ትወስዶ መድሃኒትካ
- [ ] ላምፓዲና(ፍላሽ ላይት)፡ ኣብ ግንባርካ ዝእሰር መብራህቲ (ሄድ ላምፕ)
- [ ] ዘሙቑን ዘብርሁን ሽምዓታት
- [ ] ራድዮ
- [ ] ባተርታት
- [ ] ቻርጅ ዘለዎ ባተሪ(ፓወር-ባንክ)
- [ ] ጥረ ገንዘብ(ካሽ)
- [ ] ፎርኔሎ(Stormkök)፡ ክርቢት፡ መወልዒ ሓዊ
- [ ] ናይ ቀዳማይ ረዲኤት ሳንጣ
- [ ] ናይ ምድረቤት ወረቐት ወይ ጥሉል ቲሹ
- [ ] ድልዱል ናይ ፕላስቲክ ሳንጣ ወይ ከረጺት (ምድሪቤት ማይ ክትደፍኣሉ ምስ ዘይትኽእል)
- [ ] እታ ብሮሹር ውግእ ወይ ቅልውላው ምስ ዘጋጥም
- [ ] ወረቓቕቲ፡ ፒሮታት




### ኣብ ገዛ ምሓዞም ጠቐምቲ ዝኾኑ መግብታት

- ድንሽ፡ ካውሎ፡ ካሮቲ፡ እንቋቑሖ
- ነዊሕ ዕድመ ዘለዎ ባኒ
- ልስሉስ ፉርማጆ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ኣብ ቱቦ ዝተዓሸገ ኣብ ልዕሊ ባኒ ዝልከ ወይ ዝነብር መግቢ
- ናይ መግቢ ዘይቲ፡ ደረቕ ፉርማጆ
- ቀልጢፉ ዝበስል ፓስታ፡ ሩዝ፡ ሴሞላ(ግሪን)፡ ናይ ድንሽ ሕሩጭ
- ናይ ስቃጥላ ኣሕምልቲ
- ናይ ስቓጥላ ኮመደረ መስርሒ ስጎ ንፓስታ
- ናይ ስቓጥላ ስጋ፡ ዓሳ፡ ሾርባ(መረቕ)
- ኒፖን-ሶፓ፡ ጽማቑ ወይ ካልእ ኣብ ናይ ክፍሊ ሙቐት ዝጸንሕ መስተ
- ቡን፡ ሻሂ፡ ቸኮላታ፡ ኤነርጂ-ባር(ሓይሊ ዝህብ ግላዕ)፡ ፍረታት

ቀልጢፎም ክዳለዉ ዝኽእሉ፣ ብዙሕ ማይ ዘይጠልቡ፣ ከይከሸንካ ዝብልዑን ኣብ ናይ ክፍሊ ሙቐት ክኽዘኑ ዝኽእሉን መግብታት ምምራጽ ጽቡቕ እዩ።

**ዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ መኽዘን መግቢ ኣብ እዋን ቅልውላው**

livsmedelsverket.se/matförråd

# መግብን ሙቐትን ኣብ እዋን ቅልውላው

**ተኽእሎታትን ጠለባትን ናይ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ብመሰረት መነባብረኦም ዝተፈላለየ ይኸውን - ማለት መነባብረኦም ኣብ ከተማ ድዩ ኣብ ገጠር፣ ኣብ ቪላ ድዩ ኣብ ኣፓርትማ። እቲ መዓልታዊ ህይወት ከምቲ ልሙድ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን፡ ነዚ ኩነት ንምግጣም ክሕግዙ ዝኽእሉ ሓፈሻዊ ምኽርታት እነሆ።**

## ምቑት ምዕቃብ

ኣብ ግዳም ቁሪ ምስ ዝህሉ፡ ኣብ ገዛ ዘሎ ዋዒ ቀልጢፉ ክጠፍእ ይኽእል እዩ። ኣብ ውሽጣ ዘሎ ሙቐት ክትዕቅበሉ ትኽእል ሓንቲ ክፍሊ ምረጽ።

→ መስኮትን ማዕጾን ኣየር ንኸየሕልፍ ዓሽጎ። ኣብ ቅድሚ እቲ መስኮት ድማ ኮቦርታታት ዘርጋሓሉ ምእንትን ካብ ናይ ግዳም ዛሕሊ ንምክልኻልን ናይ ውሽቲ ሙቐት ንምዕቃብን።
 ኣብ ቀትሪ ነቶም ኮቦርታታት እለዮም ጸሓይ ነቲ ክፍሊ መታን ከተምቖ።

→ ካብ ግዳም ሓድሽ ኣየር ናብ'ቲ ኽፍሊ ንኽኣቱ ኣብ ጸጸኒሕኻ መስኮት ክፈቶ። ብዙሕ ሙቐት ንኸይጠፍአ ግን ቀልጢፍካ ትዓጽዎ።

→ ኣብ'ቲ ቤት ትነብሩ ብዙሓት እንተ ኾይንኩም እንተ ተኻኢሉ ብሓባር ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ደቅሱ።

→ ኣብ ለይቲ ተወሳኺ ሙቐት ምስ ትደሊ - ኣብ ውሽጢ ገዛ ዳስ ክትዝርግሕ ትኽእል ወይ ኣብ መደቀሲ-ክሻ ኣቲኻ ክትድቅስ ትኽእል።

→ ምንጻፍ ናይ ባይታ ዋዒ ናይ'ቲ ክፍሊ ንኸይጠፍእ ከም ተወሳኺ መከላኸሊ ኮይኑ ከገልግል ይኽእል እዩ።

→ ከሙቑኻ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ልብስታት ደራርብ።

## ምኽሻን መግቢ

ምድጃ፡ ተላጃ ወይ ፍሪዘር ዘይሰርሕ እንተኾይኑ፡ ነቲ ቀልጢፉ ክበላሾ እዩ ትብሎ ኣብ ገዛ ዘሎ መግቢ ፈለማ ምስ ትበልዖ እቲ ዝበለጸ እዩ።

ኣብ ውሽጡ በረድ ዘለዎ ብፕላስቲክ ዝተሰርሐ ብራሽታት(ፔት ቦትል) ኣለካ ድዩ? ኣድላዩ እንተኾይኑ ኣብ'ቲ ፍሪዘር ከም መዝሓሊ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። ድሕሪኡ ግን ነታ ፍሪዘር ግድን ህጹጽ እንተ ዘይኮይኑ ኣይትኽፈታ። ኣብ ደገ ዛሕሊ እንተሎ መግቢ ኣብ ጽሩቕ መዐሸጊ ዓሺግካ ኣብ ግዳም ክትዕቅቦ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ናይ ግዳም እቶን(ግሪል) ወይ ባዕልኻ ዝሃነጽካዮ ቀሲል መጥበሲ መግቢ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ። ካብ ሓደጋ ባርዕ ግን ተጠንቀቕ!



እንስሳ ዘቤት እንተለካ ነቲ እንስሳ ዝኸውን ናይ ቅልውላው ሳጹን ኣዳልወሉ
svenskablastjarnan.se/klara-krisen

# ናይ ድሕነት ነቑጣታት



## ናይ ማይ፡ ጸዓት ኤሌክትሪክ ወይ ዋዒ ምቍራጽ ዘለዎ ቅልውላው ምስ ዘጋጥም፡ ንኡስ-ዞባ ሊንሾፒንግ ነቶም ናይ ድሕነት ነቑጣታት ክኸፍቶም ይኽእል እዩ:: ማሕበራዊ ምምዝባላት ምስ ዘጋጥሙ ኣብዞም ነቑጣታት ህዝቢ ክእከብ ይኽእል።

ኣብ'ዞም ናይ ድሕነት ነቑጣታት ምቕት ክትረክብ ትኽእል፣ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ድማ ሓበሬታ ትረክብ። ኣብኡ ማይ ኣለካ ከምኡ ድማ ሞባይልካ ቻርጅ ክትገብራ ትኽእል።

ኣብ እዋን ምምዝባል ሕብረተሰብ ወላ'ኳ ኩነታት ከም'ቲ ዝለመድካዮ ምሹው ኣይኹን፡ ነቶም ጥዕና ዘለዎም ሰባት ግን እቲ ዝበለጸን ዝወሓሰን ቦታ ኣብ ቤቶም እዩ።

ኣስታት 30 ንኡስ-ዞባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሊንሾፒንግ ከም ናይ ድሕነት ነቑጣታት ኮይነን ከገልግላ ይኽእላ እየን። ካልኦት ቀጽርታት እዉን ንተመሳሳሊ ዕላማ ምጥቃም ይከኣል እዩ። ኣብ'ዞም ናይ ድሕነት ነቑጣታት ክህልው ዝኽእል ደረጃ ኣገልግሎት ብመሰረት ኣቀዋውማ ናይ'ቲ ቀጽሪ፡ ዓይነት ናይ'ቲ ዘጋጠመ ቅልውላውን እቲ ማሕበራዊ ምዝንባል ንኽንደይ እዋን ከም ዝጸንሐን ይፈላለ እዩ። ኣብ ገሊኡ ኩነታት መግብኻ ክትኸሽን፡ ነብስኻ ክትሕጸብን ኣብኡ ኣብ'ቲ ቀጽሪ ክትድቅስን ተኽእሎታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም።

እቲ ንኡስ-ዞባ ገለ ካብ'ዞም ናይ ድሕነት ነቑጣታት ክኸፍቶም እንተኾይኑ ኣብ መካነ-መርበብና linkoping.se፡ ብሸወደናዊ ራድዮ Sveriges Radio P4 Östergötland 99,8 MHz ከምኡ ድማ መደበር ሬድዮ ሊንሾፒንግ 95,5 MHz ክሕበር እዩ።

**ኣብ እዋን ቅልውላው ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ Kontakt Linköping ክኸየድ ይከኣል እዩ፤**

- Huvudbiblioteket, Östgötagatan 5
- Skäggetorps centrum
- Berga slott, Herrgårdsgatan 3a

**ወይ ከኣ ኣብ'ቲ ቤት-ንባብ ናይ'ቲ ንኡስ-ዞባ፤**


- Ekholmens centrum
- Johannelunds centrum
- Lambohovs centrum
- Himnaskolan, Linghem
- Centralplan 1, Ljungsbro
- Kärna centrum, Malmslätt
- Ryds centrum
- Näckrosvägen 4a, Sturefors
- Agora, Skäggetorp centrum 18

ወይኣብ'ዚ ኣቲኻ ረአ፤
linkoping.se
/trygghetspunkter

## ኣብ እዋን ቅልውላው ሓላፍነት ምስካምን ንሓድሕድካ ምትሕግጋዝን

ኣብ እዋን ቅልውላው ብዛዕባ ገዛእ ርእስናን ቀሪብናን ሓባራዊ ሓላፍነት ምስ ንወስድ፡ ደገፍ ሕብረተሰብ ናብቶም ብሓቂ ዘድልዮም ሰባት ክቐንዕ ይኽእል።

ንኽትሕግዝ ወይ ድማ ሓገዝ ምስ ዘድልየካ ሓገዝ ንኽትረክብ፡ ምስ ጎረባብትኻ ተፋለጥ።



# መዕቆቢ ቦታን ናይ ደገ ኣላርምን

**ኣብ ከቢድ ኩነታት፡ ኣብ መዕቖቢ ቦታ ኬድካ ከተጽልል ከድልየካ ይኽእል እዩ። ምዱብ ዝኾነ ፍሉይ መዕቖቢ ቦታ የብልካን እንታይ ደኣ ነቲ ኣብ ቀረባኻ ዘሎ መጽለሊ ትጥቀም።**

እዞም መዕቖቢ ቦታታት ብቐንዱ ነቶም ብቐሊሉ ህዝቢ ናብ ናይ ድሕነት ቦታ ከተውጾም ኣጸገምቲ ዝኾኑ ከባቢታት ይምልከቱ። ንኣብነት ነቶም ኣብ ሲንሸፒንግ ብዙሕ ህዝቢ ዝነብረሎም ከባቢታት ክምልከቶም ይኽእል። ኣብ ገጠር ትነብር እንተ ኴንካ ግን፡ ናይ ውልቅኻ ኣማራጺ መጽለሊ ቦታ ከም ሽላሪ ወይ ተመሳሳሊ ቦታ ክህልወካ ይኽእል እዩ።

ናይ ነፋሪት ኣላርም ምስ ትሰምዕ፡ ብቕጽበት ካብ ደብዳብ ነፋሪት ዘድሕን መዕቖቢ ቦታ ወይ  ካልእ መከላኸሊ ቦታ ከም ታነል(ናይ ትሕቲ መሬት ጋለርያ) ወይ ሽላሪ ትኣቱ። ወተሃደራዊ ምክልኻል ሃገር ኣስጋኢ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ ምስ ዝዕዘብ፡ ህዝቢ ንምጥቃቕ ናይ ደብዳብ ኣየር ኣላርም ይሰድድ እዩ።




ናይ ድሕነት ነቑጣታት ኣብ ጥቓ ቤትካን ኣብ'ቲ ቀትሪ ትውዕለሉ ቦታን ኣበይ ከም ዝርከብ ድሮ ፈቲሽካዮ ጽናህ።

msb.se/sv/verktyg--tjanster/skyddsrumskarta/


**ናይ ድሕነት ነቑጣታት ምሳኻ ሒዝካዮም ምኻድ ጽቡቕ ዝኾኑ ነገራት**

- [ ] ማይ ኣብ ብራሾ ወይ ንኡሽተይ ጀሪካ
- [ ] ናይ ገዛ ሙቖት ዝጻወር መግቢ
- [ ] ናይ ጽሬት ግዛዓት
- [ ] ናይ ምድሪ-ቤት ወረቐት
- [ ] መድሃኒታት
- [ ] ናይ ቀዳማይ-ረዲኤት መሳለጥያታት
- [ ] ዘምውቕ ልብስታት
- [ ] ሞቢል ተሌፎን + ቻርጀር ወይ ቻርጅ ዘለዎ ባተሪ(ፓወር-ባንክ)
- [ ] Vመንነታዊ ሰነዳት፤ ታሴራ(ኣይዲካርድ)፡ ፓቴንቲ(ፍቓድ መምርሒ መኪና) ጥረ-ገንዘብ፡ ናይ ባንክ-ካርድ

## ናይ ነፋሪት ኣላርም ከመይ የስምዕ?

**ናይ ነፋሪት ኣላርም**
ሓጸርቲ ነውጽታት ኣብ ውሽጢ ሓደ ደቒቕ

**ሓደጋ ምስ ዘቋርጽ**
ዘየቋርጽ ድምጺ ን 30 ሰከንድ



# ማይ፡ ረሳሕ-ፈሳስን ጎሓፍን

**በዓል-መዚ ቴክኒካዊ ጉዳያት ናይ'ዘ ዝስዕቡ ኣገልግሎታት ሓላፍነት ይወስድ፤ ማይ፡ ምእላይ ረሳሕ-ፈሳሲ፡ መውዓዪ ገዛ፡ ምእካብ ጎሓፍን መብዛሕትኡ ኣብ ንኡስ-ዞባ ሊንሶፒንግ ዘሎ መርበብ ጸዓት ኤሌክትሪክን። ቅልውላዋት ብዝተፈላለየ መንገዲ ክጸልዉና ስለዝኽእሉ፡ በዓል-መዚ ቴክኒካዊ ጉዳያትን ንኡስ-ዞባን ኣብ መካነ-መርበብ ዝወሃብ ሓበሬታ , ኣብ መጕሓፊ ነቐጣታትን ካልእ ቦታታትን ዝወሃብ ጽሑፋት ሓበሬታ ምክትታሎም ኣገዳሲ እዩ። በዚ ገለ ኩነት ምስ ዘጋጥም ከመይ ገይርካ ከም ትገጥሞ ትፈልጥ።**

**ሕጽረት ማይ ካብ ሕጽረት መግቢ ኣዝዩ ዝኸበደ እዩ።**

ዓብይ ምቁራጽ ጸዓት ኤሌክትሪክ ኣብ ዝህልወሉ እዋን፡ እተን ማይ ዝዝርግሓ ፑምፓታት ካብ ስራሕ ወጻኢ ስለ ዝኾና፡ ናይ ቡንባ ማይ ኣይህሉን። ስለ'ዚ ከሎ ጌና ኣብ ጀሪካታትን ብራሾታትን ማእ መሊእካ ምጽናሕ ጽቡቕ እዩ። ኣብ ዝሑልን ጸልምን ቦታ ድማ ከዝኖ። ኣብ መዓልቲ ሓደ ሰብ ሰለስተ ሊትሮ ማይ የድልዮ እዩ ኢልካ ገምቶ።

ኣብ'ቲ ናይ ንኡስ-ዞባ ናይ ድሕነት ነቐጣታት ብመጠኑ ድሩት ዝኮነ ማይ ክርከብ ይኽእል እዩ። ናብኡ ናትካ መትሓዚ ማይ ሒዝካ ክትኸይድ ኣለካ። እተን ቦጣት ማይ ኣበይ ከምዘለዋ ዝገልጽ ሓበሬታ ብናይ ሸወደናዊ ሬድዮ P4 Östergötland፣ ብመደበር ሬድዮ ሊንሸፒንግ ከምኡ'ውን ኣብ linkoping.se ይኹን ኣብ ካልኦት ማዕከናት ሓበሬታ ንኡስ-ዞባ ይመሓላለፍ እዩ።

እቶም ናይ ገዛእ ርእሶም ማይን ረሳሕ ፈሳስን ዘለዎም ሰባት፡ ንነዊሕ እዋን ምቁራጽ ጸዓት ኤሌክትሪክ ንምጽዋር እንታይ ከዳልዉ ከም ዘለዎም ክሓስብሉ ኣለዎም።

## ምሕላው ጽሬት

ጠሊ ዘለዎ ቲሹ ብምጥቃም ጽሬት ናይ ነብስኻ ክትሕሉ ትኽእል ኢኻ። ኣቍሑት ንምሕጻብ ማይ እንተዘይብልካ፡ ብወረቐት ምድሪ-ቤት ወይ ቍራጽ ጨርቂ ገይርካ ነቶም ናይ ክሽነ ኣቑሑ ከተጽርዮም ትክእል ኢኻ።

## ጎሓፍ

ናይ ገዛ ጎሓፍ ካልእ ሓበሬታ ክሳብ ዘይተወሃበካ፡ ኣብቲ ንቡር መጕሓፊ ጎሓፍ ክድርበ ኣለዎ። ነቲ ጎሓፍ ካብ ባልዕ ነጻ ንኽኸውን ጽቡቕ ገይርካ ብምጥቕላል ምጽዓር።

## ምድሪ-ቤትን ረሳሕ ፈሳስን

ማይ ቡምባ እንተ ዘየላ፡ መኸዲ ረሳሕ ማይ'ውን ኣይሰርሕን ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለ'ዚ ምድሪ-ቤት ከም ንቡር ካብ ምጥቃም ምቑጣብ። መድፍኢ ረሳሕ ማይ ምድረ-ቤት ከተምጽእ የብልካን።

ኣብ'ቲ ምድረ-ቤት ቀልቀል ክትወጽእ እንተ ደሊኻ ከም ምኽሪ፡ ድልዱል ፕላስቲክ ኣብ'ቲ ኮፍ መበሲ ብምቕማጥ ኣብ'ቲ ፕላስቲክ ደገ ትወጽእ። ድሕሪኡ ነቲ ቀልቐል ኣብ ናይ ቀልቀል በርሚል ወይ መኽደኒ ዘለዎ ሻንኬሎ ተንብሮ። ድሕሪኡ እቲ ጎሓፍ ብኸመይ ክእለ ከም ዘለዎ ዝሕብር መምርሒ ናይ ብበዓል-መዚ ቴክኒካዊ ጉዳያት ትስዕቦ።



# ርክብን ሓበሬታን

**ኣብ እዋን ቅልውላው ብንኡስ-ዞባ ሊንሸፒንግን በዓል-መዝታትን ዝወሃቡ ሓበሬታ ሰዓቦም። ንዓኻን ንኻልኦትን ነቲ ኹነታት ብዝበለጸ ንኽትገጥምዎ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።**

## ኣብ እዋን ቅልውላው ኣብ ሊንሸፒንግ ኣገደስቲ ማዕከናት ሓበሬታ

- → linkoping.se
- → facebook.com/linkopingskommun
- → tekniskaverken.se
- → krisinformation.se

ራድዮራድዮ ሽወደን P4 Östergötland, 99,8 MHz እውን ክትከታተላ ትኽእል ኢኻ። ኣብ እዋን ማሕበራዊ ቅልውላው ሓበሬታ ናይ ምትሕልላፍ ፍሉይ ተልእኾ ኣለዎም። ከምኡ'ውን ንመደበር ሬድዮ ሊንሸፒንግ 95,5 MHz ስምዓዮ፡ ኣብኡ ድማ እቲ ንኡስ-ዞባ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ሓበሬታ ይህብ እዩ።

### ናይ ድሕነት ነቑጣታት

ንኡስ-ዞባ ሊንሸፒንግ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ናይ ድሕነት ነቑጣታት ከዳሉ ይኽእል እዩ። ኣብ'ኡ ብዛዕባ እቲ ቅልውላውን ነበርቲ ሊንሸፒንግ እንታይ ክገብሩ ከም ዘለዎምን ዝሕብር ኣገዳሲ ሓበሬታ ኣሎ። **ብዝያዳ ኣብ ገጽ 6 ኣንብብ።**

Frivilliga resursgruppen (FRG)
ካብ'ቶም ዕዮታቱ ሓደ፡ ነቶም ናይ ድሕነት ነቑጣታት ብተልእኾ ንኡስ-ዞባ ሊንሸፒንግ ምእላይ እዩ።

ጅግና ንምኧን ኣብ'ዚ ወለንታዊ ማሕበርት FRG ክትሳተፍ ትደሊ?

**ነዛ QR-ኮድ ስካን ግበራ ወይ ኣብ'ዚ ኣቲኻ ረአ**
linkoping.se/sakerhetsarbete

## ካብ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ተጠንቀቕ - ንሓበሬታ ብነቐፌታ ረኣዮ

ሓደ ሕብረተሰብ ኣብ ቅልውላው ኣብ ዝኣትወሉ እዋን፡ ገለ ሰባት ግጉይ ሓበሬታ ክዝርግሑ ይፍትኑ እዮም። እቲ ዕላማ ሓሶት ወይ ዝተዛብዐ ሓበሬታ ብምፍናው ብዛዕባ ክውንነት ዘለካ ኣረኣእያ ንምጽላውን ኣብ ሕብረተሰብ ዘሎካ እምነት ንምድኻምን እዩ።

ንሓበሬታ ብነቐፌታ ዓይኒ ረኣዮን እቲ ሓበሬታ ካብ እሙን ምንጪ ከም ዘይመጸ

ምስ ትፈልጥ፡ ነዚ ጉጉይ ሓበሬታ ንኻልኦት ሰባት ኣይትልኣኸሎም ወይ ኣይተካፍሎም።

ካብ ንኡስ-ዞባ ሊንሸፒንግን ካብ በዓል-መዝታትን ኣብያተ-ሕጽፈታትን ዝመጽእ ሓበሬታ ክትኣምኖም ትኽእል ኢኻ።



# ስንክልና ንዘለካ ንቅልውላው ብኸመይ ከም ትዳለወሉ

**ጸዓት ኤሌክትሪክ ኣብ ዝቋረጸሉ ወይ ካልእ ዘይተጸበኻዮ ፍጻመታት ምስ ዘጋጥም ስንክልናኻ ብኸመይ ከም ዝጸልወካ ብደንቢ ሓሲብካሉ ጽናሕ። ዘይተጸበኻዮ ነገር ምስ ዘጋጥም ዝያዳ ውሕስነትን ድሕነትን ንኽስመዓካ ከሎ ጌና ክትዳለወሎም ዘለካ ቀለልቲ ሜላታት።**

**ተራ ናይ'ቶም ዝኣልዩካ ሰራሕተኛታት**
ኣብ እለታዊ ሕይወትካ ናይ ሰብ ሓገዝ ዝወሃበካ እንተኾይኑ፡ እቶም ዝኣልዩኻ ሰባት ምምዝባል ሕብረተሰብ ምስ ዘጋጥም ብኸመይ ክጸልወካ ከም ዝኽእል፡ ከም ዝፈልጡ ኣረጋግጽ።

**ብዛዕባ ናይ ህጹጽ ነገራት ሓበሬታ ምሃብ**
ንህጹጽ ኩነታት ዘድልዩኻ ኣገደስቲ ነገራት ኣበይ ከምዘለዉ ካልኦት ሰባት ከም ዝፈልጡ ምግባር።

**ናይ ሕክምና ማሺን**
ዝከኣል እንተኾይኑ እቲ ትጥቀመሉ ናይ ሕክምና ማሺን፡ ኣብ እዋን ምኻድ ጸዓት ኤሌክትሪክ ክሰርሕ ከም ዝኽእል ኣረጋግጽ።

**ናይ መድሃኒት መንነት(ኣይዲ-ካርድ)**
ነታ ናይ መድሃኒት መንነትካ - ባጅ፡ ኣብ ጒንቦ-ኢድካ ትእሰር ወይ ኣይዲ-ካርድ - ኩሉ ግዜ ልበሳ።

**መደብ ናይ ምውጻእ(ነብስኻ ንምድሓን) ይሃልኻ።**
ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ከመይ ጌርካ ካብ ገዛኻ ክትወጽእ ከም እትኽእል ሕሰበሉ። መውጽኢታት ኣበይ ኣበይ ከምዘለዉ መርምር። ርግጸኛ እንተ ዘይኮንካ ንሰብ ሕተት። ካልኦት ብዛዕባ ስንክልናኻ ዝፈልጡ እንተ ኾይኖም፡ ኣብ እዋን ምውጻእ ብቐሊሉ ክሕግዙኻ ይኽእሉ።

**መንገዲ ዝመርሕ ከልቢ**
መንገዲ ዝመርሕ ከልቢ ምስ ዝህልወካ፡ ኣብ እዋን ቅልውላ ብኸመይ ከም ትኣልዮ መዳድብ።



# ኣገደስቲ መዘኻኸሪታት!

**ሞባይልካ ምስ ዘይትሰርሕ፡ ክንደይ ቁጽሪ ተሌፎናት ብቓልካ ክትዝክር ትኽእል? ቁጽሪ ተሌፎን ኣዝማድካን ካልኦት ኣገደስቲ ሰባትን ክትጽሕፍ ትኽእል ኢኻ፣ ንሓድሕድኩም ክትራኸብሉ ኣብ ዘይትኽእሉ እዋን ኣበይ ከም እትራኸቡ፣ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ መዕቖቢ ቦታ ኣበይ ከም ዘሎ፡ ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታን፡ ኣብዚ ክትጽሕፍ ትኽእል ኢኻ።**

## → linkoping.se/krisberedskap

### 112

ናይ ሽወደን ህጹጽ ቁጽሪ ንሕይወት፡ ንብረት ወይ ኣከባቢ ሓደጋ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ክትጥቀመሉ ኣለካ። ኣምቡላንስ፡ ኣገልግሎት ድሕነት-ህይወት ወይ ፖሊስ ኣብ ዘድልየካ እዋን ናብ 112 ደውሉ።

### 114 14

ህጹጽ ንዘይኮኑ ጉዳያት ትጥቀመላ ቁጽሪ ተሌፎን ፖሊስ።

### SMS112

እቶም ጸማማት ወይ ናይ ምዝራብ ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም ሰባት፡ ብመንገዲ ኣገልግሎት SMS112፡ ኣናሎግ ቴሌ-ቴክስት ወይ ብመራኸቢ ኣገልግሎት ፒቲኤስ(PTS förmedlingstjänster) ምስ ህጹጽ ቁጽሪ 112 ክራኸቡ ይኽእሉ እዮም። ዝያዳ ኣብ'ዚ ኣንብብ sosalarm.se

### 113 13

ናይ ሽወደን ሃገራዊ መስመር ሓበሬታ ብዛዕባ ዓበይቲ ሓደጋታትን ቅልውላዋትን ትህቦ ሓበሬታ ምስ ዝህልወካ ንምሕባር ናብ 113 13 ደውሉ።

### 013 - 20 60 00

**Kontakt Linköping** – din kontaktväg till Linköpings kommun. ኣብ'ዚ እውን ክትርኢ ትኽእል ኢኻ**linkoping.se/kontakt**

### tekniskaverken.se

ኣብ'ዚ ዑደት ግበር **tekniskaverken.se/driftinformation** ናይ ማይ፡ ኤሌክትሪክ፡ መውዓዪ ገዛን ኣገልግሎት ኢንተርነትን ህሉው ኩነታቱ ክትርኢ ትኽእል።

### ራድዮ

**Sveriges radio P4 Östergötland** - 99,8 MHz **Linköpings närradio** - 95,5 MHz

### ብኻልኦት ቋንቋታት፤ linkoping.se/beredskapsbroschyr

እዚ ብሮሹር ብቀሊል ሽወደንኛ ኣለካ። ናብ ዓረብኛ፡ ዳሪ፡ እንግልዝኛ፡ ፋርስኛ፡ ሶማልኛን ትግርኛን ተተርጒሙ ኣሎ። ኣብ linkoping.se ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ኣብ'ቲ Kontakt Linköping ዝብል ናይ በጻሕቲ ቦታ እዉን ገንዘብ ከይከፈልካ ብነጻ ክትወስዶ ትክእል ኢኻ(ኣብ ገጽ 6 ረአ)።

**The brochure is translated into English. You can find it on: linkoping.se/beredskapsbroschyr and it is also available for free at the visitor areas of Kontakt Linköping.**

Buug-yaraha waxaa lagu turjumay af-soomaali. Waxaad ka heli kartaa linkoping.se/beredskapsbroschyr sidoo kale waxaad si bilaash ah uga soo qaadan kartaa meelaha booqdayaasha ee Kontakt Linköping.

እዚ ብሮሹር ብትግርኛ ተተርጒሙ ኣሎ። ኣብ linköping.se/beredskapsbroschyr ኣቲኻ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ኣብ'ቲ Kontakt Linköping ዝብል ናይ በጻሕቲ ቦታ እዉን ገንዘብ ከይከፈልካ ብነጻ ኣለካ።

تمت ترجمة الكتيب إلى اللغة الإنجليزية. ويمكنك العثور عليه على موقع linkoping.se/beredskapsbroschyr في مناطق الزوار في Kontakt Linköping وهو متاح أيضًا مجانًا

بروشورها به انگلیسی ترجمه شده آست. شما میتونید در linkoping.se/beredskapsbroschyr جستجو کنید. و همچنین به صورت رایگان در Kontakt Linköping در دسترس هست

kontakt@linkoping.se
013 - 20 60 00

Tekniska verken

Linköping